**ንቤት ፅሕፈት ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ**

**መቐለ**

ሓድነት ሓይሊ እዩ ! ዝብል ወሑሉል ኣበሃህላ ሃገርና ኢትዮጵያ ፣ ህዝቢ ትግራይን ካብ ኣብራኹ ዝወፀ ህ.ወ.ሓ.ትን ኣብቲ ዝሓለፈ እዋን ኣንፃር ወታደራዊ ስርዓት ደርጊ ኣብ ዝተገበረ መሪር እሞ ከዓ ዕውት ቃልሲ ብጋህዲ ዘማስከሮ ናይ ትማሊ ሓቂ እዩ ፡፡ ጥንኩርን ኣብ ሓበራዊ ዕላማን ረብሓን ማእኸል ዝገበረ ኣብ መንጎ ህዝብታትን መንግሰታቶምን ዝፍጠር ሕብረት ማሰረት ሓንቲ ዓዲ ቅልጡፍ ዕብየትን ቐፃልነት ዘለዎ ኩለ መዳያዊ ምዕባለን እዩ ፡፡ ወድብና ሕ.ወሓ.ትን ህዝብናን ዝወለዱዎ ኢ.ህ.ወ.ደ.ግ ሕዚውን ከምቲ ሕሉፍ ህዝቦም ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ በምትሕብባር ትማሊ ክላሽንን መዳፍዕን ዓቲረን ዓለም ዘስደመማ ታሪክ ዝሰርሓ ኣፃብዕቲ ሎሚውን ከም ትማሊ ድኽነትን ድሕረትን ኣብ ምጥፋእ ዘየናሕሲ ስጉምቲ ኣብ ምውሳድ ይርከባ ፡፡

ተጋሩ ብቑፅርና ወሑዳት እሞ ከዓ ብዙሕ ጠማዊ ዘለና ህዝቢ ከም ምዃና ማጠን ዋሕስ ናይ ቐፃሊ ህልወናና ኣብ መንጎና ብዝህሊ ሓድነት ፣ምትሕልላይ ፣እሂን ምሂን ምብህሃል ከምዝውን ኣብ መንጎና ክህሊ ዝኽእል ኣፈላላይ እናፅበብና ብሰልጠነ ኣገባብ እናኣለና ምስ ከድና ከምዝኾነ ንኩላተና ግልፂ እዩ ፡፡ ምስቲ ተጀሚሩ ዘሎ ሓዱሽ ጎደና ዕብየትን ምዕባለን ትርጉም ብዘለዎ ኣገባብ ንቕድሚት ንክስጉም ንሓድነትን ክብ ዝኾነ ጊዜ ንላዕሊ ልዑል ጠመተ ሂብና ክነጠናኽሮ ኣለና ፡፡ ኣብ ማሉእ ዓለም ዝርከብ ትግራዋይ ኣተሓባቢርና ብዝኽእሎ ሞያን ዓቕምን ፣ንዋታዊ ሃፍትን ኣብ ህንፀት ክልሉ ዋና ተዋሳኢ ንክኸውን ምልዕዓል ወዓል ሕደር ዘይበሃሎ ዋኒን እዩ ፡፡ ነዚ ተግባራውነቱ ድማ ሎሚውን ከምቲ ናይ ትማሊ ሓደ ልቢ ኮይንና ክንሰርሕን ይግባእ ፡፡

ነዚኦምን ካልኦት ተዛመድቲ ጉዳያትን ኣብ ግምት ብምእታውን ኣብቲ ዝግበር ዘሎ ወፅወፅ ልምዓታዊ ርብርብ ብዝተወደበ መልክዑ ተሳተፍቲ ንምዃን ኣብ ወፃእ ሃገር ንርከብ ተወለድቲ ትግራይ ምስ ኣብ ወሽጢ ዓዲ ዝርከብ ህዝብና ብዝበለፀ ዘቀራርብን ኣብ መንጎ ተጋሩ ዘሎ ሓድነት ናብ ዝለዓለ ብርኪ ዘብፅሕ ፌስቲቫል ትግራይ ኣብ ትግራይ -2013 /ኣቆፃፅራ ኣወሮፓ / ብዝብል ኩሉ ኣብ ደገ ዝርከብ ትግራዋይ ኣብ ዓዲ ኣትዩ ምስ ህዝቡን መንግስቱን ኩለ መዳያዊ ታሪኻዊ መደብ ፌስቲቫል ኣብ ወርሒ ንሓስ ኣብ 2013(ኣቆፃፅራ ኣወሮፓ) ንምክያድ ኣብ ምንቅስቓስ ንርከብ ፡፡

እዚ ብዓይነቱን ብትሕዝትኡን ፍሉይ ዝኾነ ፌስቲቫል ኣብ 2013 ኣቆፃፅራ ኣወሮፓ ኣብ ርእሰ ከተማኽ ከተማ መቐለ ብዓበይቲ ፍፃሜታት ተፀንቢሉ ኣብ ህዝብናን መንግስትና ዘሎ ወነ ካብቲ ሕዚ ዘለዎ ብርኪ ብዝበለፀ ብሓዱሽ መንፈስ ንምንቅቓሕን ሓቢርካ ድኽነት ድሕረትን ንምቅላስ ዘኽእል ከኸውን'ዩ ተባሂሉ ይእመን ፡፡ ብተወሳኺ እዚ ፌስቲቫል በቢዓመቱ እናተጠናኸረ ብዝኸደ ቑፅሪ ወነን ሓቦን ተጋሩ ከምቲ ልክዕ ኣብ እዋን ዕጥቃዊ ቃልሲ ዘርኣናዮ ሕዚውን ኣብ ልምዓት ክንደግሞ ኢና ፡፡

ኣብዚ ፅንብል ታሪኻዊ ፌስቲቫል ትግራይ ክከናወኑ ተባሂሎም ካብ ዝተሓሰቡ ዓበይቲ ፍፃሜታት ብክፉል ፡-

**1. ኣብ ዝተፈላላዩ ወድዓዊ ዛዕባታት ንክልልናን መንግስትናን ህዝብናን ዘተኮሩ ሲምፖዚየማት ምክያድ**

ኣዚኦም ሲምፖዚየማት ብዓየነት ብትሕዝቶን ብርክት ዝበሉ ኣብ ዘተፈላዩ ህዝብናን መንግስትናን ዘጠልቦም ዛዕባታት ዘተኮሩ እዮም ፡፡ ንገሊኦም ንምጢቃስ ዘኣክል …

**ሀ. ኩነታት ትምህርቲ ክልልና ማእኸል ዝገበረ ሲምፖዚየም**

ኣብ ወፃእ ዝነብሩ ተጋሩን ፈተውቲ ትግራይን ኣብ ዝነብሩሉ ዓዲ ዘዋህለሉዎ ምዕቡል ሰፊሕ ዓቕምን ተሞክሮን ናብ ረብሓ ክልልሎም ንከወዕሉ ምስቲ ኣብ ዓዲ ዘሎ መንግስትን ህዝብን ሓቢርካ ንምስራሕ ዘኽእል ጠጠሕ ባታ ዝፈጥር ፣ብርኪ ትምህርቲ ክልልና ናብ ዝለዓለ ብርኪ ንክሰጋገር ዝሕግዝ ክፉል ናይቲ ፌስቲቫል እዩ ፡፡

ካብዚ ሓለፉ ነቲ ተረካቢ ሕድርን ዓድን ዝኾነ ሓዱሽ ወለዶ ዓለም ለኻዊ ፍልጠት ተዓጢቑም ብክእለት ብተኣሓስሰባ ኮታስ ብኩለ መዳዩ እዋኑ ዝጠልቦ ዘሎ ንዓለም ለኻዊ ዕዳጋ ተወዳደርቲ ንኾኑ ዘኽእል ሲስተም /ትልሚ/ ንክዝርጋሕ ዝገብር እዩ ::

**ወፅኢት ናይዚ ሲምፖዚየም ክኾን ካብ ዝኽእሊ ንገለኦም ፡-**

- ኣብ ወፃእ ሃገር ዘዋህለሉዎ ኩለንተናዊ ክእለት ፣ሞያን ተሞክሮን ናብ ክልሎም ከሙሓላልፍሉ ዘኽእል ሲስተም ይፈጥር/**science and technology transfer** /::
- ምስ መንግስታዊ ትካለትን ከምኡውን ኣብ ክልልና ምስ ዝርከቡ ምሁራት ሰብ ሞያታት ነቲ መንግስቲ ዘካይ ዶ ዘሎ ኩለመዳያዊ ልምዓታዊ ምንቅስቓስ ተግባራዊ ሓገዝ ክህቡ ዝኽእሉ ሓበራዊ ፕሮጀክትታት ንምቕራፅ ይሕግዝ /**Joint project development** /፡፡
- ቅድም ክብል ተጀሚሩ ዝነበረ ኣብ ከተማ መቐለ ኣብ እዋን ክረምቲ /2010 ኣቆፃፅራ ኣወሮፓ /ኣብ ወፃእ ሃገር ዝርከቡ ግዱሳት ተጋሩ ንተምሃሮ ትግራይ ዝህቡዎ ዝነበረ ሓገዝ ትምህርትን ግልጋሎት ምኽርን ቐፃልነት ብዘለዎ ሜልክዕ ዝቕፅለሉን ኣብ መላእ ትግራይ ናብ ዘለዋ ከተማታትን ወረዳታትን ክዝርገሐሉ ዝኽእል ዓቕሚ ይፈጥር ::
- ኣብ ወፃእ ሃገርን ወሸጢ ዓድን ዝርከቡ ክእለት ዘለዎም ወገናትና ሰብ ሃፍትን ወገናትና ኣብ ቀደሚይን ክልኣይን ብርኪ ንዝረከቡ ብሉፃት ተምሃሮ ኣብ ከባቢኦም ብዝርከቡ ሃፍታት ክሰርሑ ዝኽእሉ ፕሮጀክትታት ብምቕራፅ ምስቲ ዘመን ዝኸይድ ሳይንስን ቴክኖሎጂን ናብቲ ሕብረተሰብ ዘሊቑ ንክኣቱን እቲ ሓዱሽ ወለዶ ድማ ትርፊ ሰዓቱ ኣብ ምህዞ ንከውዕሎ ማሰረታዊ ባእታታት ንምጥያሽ ›፡፡
- ኣብ ወፃእ ሃገር ዝዓበዩን ዝተወለዱን ደቂ ተጋሩ ደሓይ ክልሎም/ዓዶም; ብዝግባእ ክፈልጡ ካብኦም ዝድለ ዘበለ ኩሉ ከበርክቱ ወነኦም ንምልዕዓል ይሕግዝ ፡፡ እዞም ቆልዑት ምስ ኣብ ትግራይ ዝርከቡ ማሰታታቶም ተሞክሮ ንክለዋወጡ ዝኽእሉሉ መድረኽ ይፈጥር ወ.ዘ.ተ ::

**ለ. ንግድን ኢንቨስትመንትን ክልልና ሜኢኸል ዝገበረ ሲምፖዚየም**

እዚ ነቲ ኣብ ወፃእ ሃገር ዝርከብ ወገንና ኣብ ክልልና ዘለዉ ኣማራፂታት ኢንቨስትመንትን ንግድን ብሰፊሑ ዘርእይ እቶም ተወለድቲ ሰብ ሃፍቲ ድማ እንተስ በወልቀ እነተስ ብማሕበር ብዝለዓለን ብዝፀፈፈን ብርኪ ሃብቶም ናብ ክልሎም ንከውዕሉ ዘተባብዕ ወፅኢት ከምፅእ ይኽእልዩ ፡፡

**ሐ. ኩነታት ባህሊ፣ቅርስን ቱሪዝምን ክልልና ሜኢኸል ዝገበረ ሲምፖዚየም**

እዚ ሲምፖዚየም ኣብ ክልልና ዘለዉ ታሪኻዊ ቦታታት ኣብ ምዕ ቃብን ምክንኻንን ፣ማስሕብ ቱሪዝም ክልልና ክጠናኸር ታሪኽና ብኣግባቡ ተዓቂቡ ብዘይምሽርራፍ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ዝሓልፈሉ ኩነታት ዝፈጥር እዩ ፡፡

**መ. ሲምፖዚየም ፍልሰት በዓል ሞያን መፍትሒኡን**

መፅናዕቲታት ከምዝሕብርዎ ሃገርና ኢትዮጵያ ካብተን ብፍልሰት መሁር ሓይሊ ዝጉዳኣ ዘለዋ ሃገራ አፍሪካ ሓንቲ እያ ፡፡ ኣብ ትግራይ ድማ ዝተምሃሩ ወገናት ንዝሓሸ ክፍሊት ፍልሰት ካብቲ እንሓስቦን እንግምቶን ንላዕሊ እዩ ፡፡ ብምኳኑ እዚ ሲምፖዚየም ቀንዲ መንቀሊ ፍለሰት ምሁር ሓይሊ ዘተኣላልሽ ንክኸውን ትፅቢት ይግበረሉ ፡፡

ካብዚ ሓለፉ ኣብ ዝተፈላለዩ ክፉላት ዓለምና ዝርከቡ ዜጋታትና ብፍላይ ተወለድቲ ትግራይ ኣብ ርስተ መዝገብ /Data Base/ ኣእቲኻ እቲ ኣብ ደገ ዝነበር ዘሎውን ኣጋር ናይቲ ዝካድ ዘሎ ልምዓት ንክኸውን ይሕግዝ ፡፡

**2.ዓወደ ምርኢት ኣብ ዝተፈላለዩ ዛዕባታታት /Exibition/**

ዝተፈላለዩ ትካላት ንግዲ ፣ማሕበራትን ገበርቲ ሰናይ ትካልትን ዘለዎም ብሉፅ ተሞክሮን ፍርያትን ንህዝቢ ዘላልዩሉ ፡፡ ምስ ህዝብን መንግስትን ብዝበለፀ ዘራኽብ መድረኽ ክኸውን ይኽእል ዩ ፡፡ ሳንስን ቴክኖሎጂን ኣብ ምትእትታው ክኸውን ይኽእል እዩ ፡፡

**3.ኣብ መላእ ትግራይ ዝግበር ዑደት ወረዳታትና ንፍለጥ መደብ**

ኣብ ደገ ዝርከቡ ተጋ ማስቲ ኣብ ዓዲ ወሸጢ ዘሎ ትግራዋይ ገባርን ሰራሕተኛ መንግስቲን ዝላለየሉ መድረኽ ክኸውን በኡ ኣቢሉ ድማ ንህዝብናን ንሰራሕተኛ መንግስቲ ብትግራዋይነት መንፈስ ኣብ ጎኑ ምዃኖም ዘረጋግፁሉን ብዝተኽኣለ መንገዲ ንምሕጋዝ ባይታ ንምምችቻወዩ ፡፡

እዚኣቶም ካብቶም ብዓሰርተታት ዝተሓሰቡ ዓበይቲ ፍፃሜታት ኣካል ናይቲ ፌስቲቫል እዮም ፡፡ ብኣጠቓላሊ እዚ ብዓይነቱ ፍሉይ ዝኾነ ፌስቲቫል ትግራይ ኣብ መንጎ ተጋሩ ዘሎ ሕብረት ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሊ ዘጠናኽርን ትግራዋይ ለሚዉን ሓደ ልቢ ኮይኑ ኣብ ወሸን ደገን ዘሎ ንልምዓት ህንፀት ዓዱ ዘለዓዕል እዩ ፡፡

**ነዚ ንምትግባር ዝተጣየሸ መዋቐር /Structure of the coordinating body/**

ነዚ ዓለም ለኻዊ ትሕዝቶ ዘለዎ ፌስቲቫል ትግራይ ዕወት ንክኸውን እዞም ዝስዕቡ ክልተ ዝተፈላለለዩ ሓለፍነት ዘለዎም ግን ከዓ ኢድን ጓንትን ኮይኖም ዝሰርሑ ኣካት ኣብ ምምስራት ይርከቡ ፡፡

**1.ዓለም ለኻዊ ዳይሬክተራት ቦርድ /International Board of Directors/**

እዚ ካብ ላዕለዎት ሰበ ስልጣን ክልልናን ከምኡዉን ሃገርና ዳይሬክተራት መንግስታዉን ዘይ መንግስታዊ ኣብያተ ዕዮ ክልልናን ሃገርናን ፤ኣብ ዝተፈላላዩ ክፉላት ዓለም ዝርከቡ ተጋሩን ዘጠቓለለ እዩ፡፡ ኣባላት እዚ ቦርድ ነዚ ፌስቲቫል ብላዕለዋይነት ግልጋሎት ምኽሪ ዝህብን ዝድግፉን ኣጠቓላሊ ምንቅስቓስ ናይቲ ከይዲ ዝዕቡን ዝቆፃፀሩን እዮም ፡፡

**2.ዓለም ለኸ መተሓባበሪ ኮሚቴ /International Working committee /**

**3. ሃገራዊ /ክልላዊ ኮሚቴ:** National /Regional coordinating committee

እዚ ነቲ መደብ ሽትኡ ንክወቅዕ መሉእ ሓላፍነት ወሲዱ ዝሰርሕ ካብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም ዝርከቡ ተጋሩና ዝተወፃፀአ ወፅኢት ተኮር ዝኾነ ኣካል እዩ ፡፡

ኣብ መወዳእታ ኣብ ወፃእን ወሸጢ ዓድን ክልልናን ንርከብ ግዱሳት ተጋሩ ነዚ ክንሓስብ ከለና እቲ ወሕሉል ሰራሒ ታሪክን ዝኾነ ህዝብናን መንግስትናን ኣብ ጎድንና ደው ከምዝብሉ ዓብይ ተስፋ ብምሕዳር’ዩ ፡፡ ስለዚ ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮ ዓቢይ ወራይ ብሄራዊ ክልላላ መንግስቲ ትግራይ ዘለዎ ሪኢቶን ምኽሪን ንክልግሰልና እናተላበወና ንዝግበረልና ምኽርን ሓገዝን ምስላጥን ኣቐዲምና ምስጋናና እናገለፅና በዚ ኣጋጣሚ ንመንግስትና ዘለና ናእዳን ክብርን ክንገልፅ ንፎቱ ፡፡

ክብርን ሞገስን ንሰማእታትና !

ሓድነት ሃይሊ እዩ !ሓድነትና ዋሕስ ቐፃሊ ህልወናና ‘ዩ !

**ካብ ጊዜያዊ መተሓባበሪ ዓለም -ለኸ ፌስቲቫል ትግራይ ኣብ ትግራይ -2013 ኣ.ኣ (festivaltigray@yahoo.com)**

**(USA, Canada, Europe, Asia, Australia, Africa, ---)**

**June 2013**